# ስደተኛታት ውን መሰል ስድራ ኣለዎም!

Familienleben für Alle!
ናይ ስድራ ናብራ ንኹሉ!
Familiennachzug JETZT!

ንሕና ከባቢ 1200 ንኸውን ኤርትራውያን ተቐማጦ ጀርመን ናይ ፖለቲካ ዑቑባና ተቐቢልና መሰል ምጥርናፍ ስድራ ብሕጊ ዝፍቀደና እንደሃለወ ደቅናን በዓልቤትናን/በዓልቲቤትናን ኣብ ብፖለቲካ ዘይርጉእ ቦታታት ከም ኢትዩጲያን ሱዳንን ምስ ስድርኦም ክሕወሱ እንዳተጸበዩ ምስ መሪር ናፍቀቶም ንነዊሕ ዓመታት ተፈላልዮም ይርከቡ።

**እቲ ምኽያት ድማ ናይ ጀርመን ቢሮክራሲ ክሰገር ዘይክኣል ዕንቅፋታታት ስለ ዝገብረልና እዩ። ንጥርናፈ ቪዛ ንምርካብ ካብ ጀርመን ኢምባስታት ንሕተቶ ወረቓቕቲ ኣብ ኢድና ዘየለን ንምርካቡ ልዕሊ ዓቅምናን ኢዩ።**

ናይ ጀርመን መንግስቲ ቢት ጽሕፈታት ኩሉ ካብ ኤርትራ ዝመጽእ ወረቓቕቲ ብናይ ኤርትራ መንግስቲ ሕጋውነት ክለብስ ይሐቱና። ነዚ ንምስላጥ ንሐደ ሰብ ኣብ ኤርትራ ምውካል የድሊ። እዚ ድማ ኣብ ጀርመን ዝርከብ ናይ ኤርትራ ኢምባሲ ይሳለጥ። እቲ ጸገም ግን ነዚ ወረቐት ንምርካብ ናይ ጣዕሳ ወረቐት ክንፍርም ንግደድ። ትሕዝቶ ናይቲ ናይ ጣዕሳ ወረቐት፣ ዓድና ኽዲዕና ምውጻእና ከምንጠዓስን መንግስቲ ብቁዕ እዩ ዝብሎ መቕጻዕቲ ከምንቕበሎን ካብኡ ሐሊፋ ድማ ወርሐዊ 2 ሚእታዊት ካብ ወርሓዊ ደሞዝና ናብ መንግስቲ ኤርትራ ክንከፍል ንግደድ።

ኩሎም ናይ ጀርመን ኢምባስታት ኣብ ትሕቲ ናይ ሚንስትሪ ወጻኢ ጉዳያት እዮም ዝመሐደሩ። ናይ ወጻኢ ጉዳያት ሚንስትሪ ነዚ ጸገማት ናይ ኤርትራውያን ይፈልጦ እዩ ይኹን እምበር ጉዳይ ዝምልከቶም ሰባት ሐደ ብሐደ ክርኣይ ኣለዎ ይብል። እዚ ቅጥዓዊ ዘይኮነ ወለንታዊ ኣሰራርሐ ናይቶም መንግስታዊ ቢትጽሕፈታት እዩ። ስጋብ 2017 ኢምባስታት ብናይ ሃይማኖት ትካላት ወይ ድማ ንምስክርነት ዝበቅዕ ወረቀት ይቕብልዎ ኔሮም። ሕጂ ግና ተመሳሳላይ ኩነታት ብቤት ፍርድን ይግባይ ብምባልን እዩ ዝረጋገጽ።

**ናይ ጀርመን መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ነቲ ካብኡ ሃዲምና ዝገደፍናዮ፣ ዜጋታቱ ዘባሳብሰን ዝሃድንን ዘሎ መንግስቲ መሊሱ ከነእእሰናን ከዋርደናን ክንከዶ ካብኡ ሐሊፋ ድማ ነዚ ውልቀ መላኺ ብገንዘብ ክንሕግዞ ይግድዱና ኣለው።**

**ነዚ ኹሉ ብጥብቂ ንቃወም!**

- **ዝምልከቶም ናይ ጀርመን ቢት ጽሕፈታት ዝጠልብዎም ዶክመንታት፥ ክነምጽኦም ዘይንኽልን ኣሸጋሪ ምኻኑን ኣሚኖም ካልእ ኣማራጺ፣ ከም ናይ ሀይማነታዊ ትካላት ዝህቡና ዶኩመንትን ናይ ቤተሰብ ስእልን ካልእ ተመሳሳሊ መረጋገጽን ክቕበሉ ንጠልብ!**
- **ናይ ጀርመን ኢምባስታትን ነቲ ጉዳይ ንምስላጥ ዝምልከቶም ቢት ጽሕፈታትን፥ ንናይ ስድራ ጥርናፈ ቀዳምነት ክህብዎን ንምስርሖ ዝወስዶ ንዊሕ ግዜ ክሕጽርዎን ንጠልብ!**

ነዞም ጠለባትና ኣብ መገዲ ኣመሐላሊፍና፣ ኣብ መወዳእታ ንናይ ጀርመን ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚንስተር ከነረክቦ ኢና።

## ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ በርሊን፣ ሶኒ 13.07.2020

**ዝጅመረሉ: ሰዓት 11:00 Uhr Tränenpalast, S-Bahnhof Friedrichstraße**

**ኣብ ሞንጎ ዝግበር መደረ፣ ሰዓት 12:15 ኣቢሉ ቅድሚ Deutschen Bundestag, ሰዓት 13:15 ኣቢሉ ቅድሚ Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend, Glinkastraße 24, 10117 Berlin**

**መዕጸዊ: ሰዓት 14:00 -15:00 ኣቢሉ ቅድሚ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ምኒስትሪ (Auswärtiges Amt), Werderscher Markt 1, 10117 Berlin**

ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ንምስታፍ ምርሕሓቕ ከምኡ ድማ ኣፍናን ኣፍንጫናን ንሽፍነሉ ማስክ ምጥቃም ግዴታ እዩ!

**መዳለውቲ፣**
**ሰብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደኞታት „Initiative Familiennachzug Eritrea“**

**ተሐጋገዝቲ**
**Eritreische Gemeinschaft Berlin und Umgebung EGBU, Flüchtlingsrat Berlin, PRO ASYL Bundesweite Arbeitsgemeinschaft für Flüchtlinge e.V., Hessischer Flüchtlingsrat, Flüchtlingsrat Niedersachsen, Initiative „Familienleben für Alle!“, Uniting Eritrean Voices in Germany eV: UEVG e.V.**

**Kontakt:**
Flüchtlingsrat Berlin, www.fluechtlingsrat-berlin.de, buero@fluechtlingsrat-berlin.de, Tel.: 030 224 76311